Tigrinja

## እዚ ናይ ባንክ ቁጽሪ መለለዪ እዩ።

ናይ ባንክ ቁ.መ. ናይ ኢንተርነት- መለልዪ መልክዕ ዘለዎ ኮይኑ፡ ንትካላት ባንኪታት፡ ውዳበታትን ወኪላትን ምስ ውልቃውያን ሰባት ብመንገዲ ኢንተርነት ንኸለልዩን ኣብ ስምምዕ ክኣትዉን የኽእሎም። ናይ ባንክ ቁ.መ. ኤሌክትሮኒካዊ ቁ.መ. ሰነድ ኮይኑ ምስ ፓስፖርት፡ ናይ መኪና ማንጃ ፍቓድ ወይ ድማ ካልእ ግዙፍ መለለዪ ሰነድ ብማዕረ ዝነጻጸር እዩ።

## እዚ ናይ ኢንተርነት መለለዪ ብባንኪታት እዩ ዝጅምር/ዝሰርሕ።

ዝኾነ ውልቀሰብ ናይ ሸወደን ውልቃዊ ናይ ቁ.መ ዘለዎ ናይ ባንክ መ.ቁ ብመንገዱ ናቱ/ናታ ባንክ ጌሩ ከውጽእ ይኽእል እዩ። ናይ ባንክ መ.ቁ ልክዕ ዝኾነ ዋጋ እዩ ዘለዎ፡ከምኡ'ውን እየናይ ባንክ የፍቕደሉ ብዘየገድስ ልክዕ ብተመሳሳሊ ኣሰራራርሓ እዩ ዝሰርሕ።

## ናይ ባንክ መ.ቁ. ብሰፊሑ ዝስርሓሉ'ዩ

ናይ ባንክ ቁ.መ ንውልቃውያን ሰባት ዝህባ ባንኪታት ከም በዓል ዳንስከ ባንክ፡ ኣይሲኤ ባንክ፡ ኢካኖ ባንክ፡ ሃንደልስባንከን፡ ላንስፎርሳክሪንጋር ባንክ፡ ኖርዲያ፡ ኤስኢቢ፡ ስካንዲያባንከን፡ ስፓርባንከን ሲድ፡ ስወድባንክ ከምኡ'ውን ኣላንድስባንከን የጠቓልላ። ብጠቓላላ ክሳዕ 8 ሚሊዮን ዝኣኸሉ ብመንገዲ ኢንተርነትን ሞባይል ባንክን ከምኡ'ውን ብመንገዲ ህዝባዊ ወከልቲ፡ ምምሕዳራትን ውልቃውያን ትካላትን ናይ ባንክ መ.ቁ ክጥቀሙ ዝኽእሉ ናይ ባንክ ዓማዊል ኣለዉ። ኣብ 2017 ናይ ባንክ መ.ቁ ዳርጋ 2.5 ቢሊዮን ግዜ ብተደጋጋሚ ክጥቀመሉ ከም ዝኽእል ይግመት።

ልዕሊ ዓቐን ብዝሒ ዘለዎም ናይ ኢንተርነት - መለለዪ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዝጠቀሙ ንባንክ መ.ቁ ክጥቀሙ መሪጾም።
ካልኦት ኣካፋፈልቲ ናይ ኢንተርነት - መለለዪ ንኣብነት ከም በዓል ተሊያ የጠቓልሉ።